# ወይ ስም ትገብሮ!



ብሰሎሞን ጸሃየ

# ምኽሪ ንወለድን መምህራንን

እዚ ተሓቲሙ ቀሪቡ ዘሎ ዛንታታት፡ ናይ ቋንቋ ኣደ ትምህርቲ ንኽምዕብል ዝሕግዝ፡ ጽውጽዋያትን መበቈላዊ ድርሰታትን እዩ።

1. ንቘልዑ ብዘይብርትዕ ቃላት ዝተጻሕፈ
2. ብጉሉሕ ስእልታት ዝተሰነየ
3. ብደረጃታት ዕድመ ዝተፈላለየ - ድማ እዩ።

ናይ ንባብ ክእለትን ፍቕርን ዘነቓቕሕ መሳጢ ዛንታ ታት ምእንቲ ኪኸውን ከኣ ብወገን ደረስትን ሰኣልትን ብዙሕ ጻዕሪ ተገይሩ።

*ዕስራ ዛንታታት፡*

ነፍስ ወከፍ ዛንታ 2 ወይ 3 ዓንቀጻት ናይ ዋዕላ መሰል ቈልዑ ትሕዝቶን ትርጉምን ዘረድእ ኮይኑ፡ ብመልክዕ ልብ ወለድ ቀሪቡ ኣሎ።

ከም መበገሲ ብሰለስተ ቋንቋታት ኤርትራ ጀሚርና፡ ዓቕምን መሳለጥያን እንተ ተረኺቡ፡ በቲ ዝተረፈ ቋንቋታት ኤርትራ'ውን ከነቕርቦ ተስፋ ንገብር።

ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ
ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ

## ፍሉይ ምስጋና

ስእሊ (Illustration) - ብርሃነ ኣብርሃ (ወዲ ዛግር)

ለይኣውት፡ ግራፊክ ዲዛይን፡ ናይ ገበር ሕብሪ - ላይነ ብላታ

ኤዲተራት - ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ
- ተስፋዝጊ ካሕሱ

ኣወሃሃዲ ፕሮጀክት - ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ (Citizens for Peace in Eritrea)

መዋሊ ፕሮጀክት - ኤውሮጳዊ ሕብረት - ኤርትራ (European Union - Eritrea)

ማሕተም - ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር

# ወይ ስም ትገብሮ!

*ብሰሎሞን ጸሃየ*

ወይዘሮ ጽገ፡ ዓወት ንዝበሃል ቈልዓ ጐረቤት ክትልእኮ ደልያ፡ "ንዓስኪ ኣታ ቘልዓ! ... ንዓኻ'ንድየ ኣታ ቘልዓ ... ኣታ ወዲ ግርማይ!" ኢላ እናጸውዓቶ ዝኾነ መልሲ ከይሃባ ናብ ገዝኡ ኣተወ።

ናብ ገዝኡ ምስ ኣተወ፡ "ዘይሓፍራ ኸኣ እዚኣንስ! ... ክርእያኒ እንድየን፡" እናበለ ዕዝምዝም ክብል ኣዲኡ ሂወት ሰምዓቶ።

ድኳ ስሒባ ኮፍ ኣበለቶ'ሞ፡ ምስ'ተን ካብኡ ዕብይ ዝበላ ክበጽሕኦም መጺአን ዝነበራ ደቂ ንዕልታ ተባኢሱ ከይከውን ብ-ምባል፡ "እሂ፡ እንታይዶ ገይረናኻ እየን ደቀምኻ?" ኢላ ሓተተቶ።

"ደቀምይ ደኣ እንታይ ክገብራኒ ይፈትዋኒ እንድየን፡" ኢሉ መለሰላ።

"እሞ ደቂ መን ደኣለን ኣሕሪቐናኻ፡ ዘይሓፍራ ትብለን ዘለኻ?"

"ቈልዑ ኣይኮናን ኣሕሪቐናኒ ኣንቲ ሂወተይ።"

"ምስ ዓበይቲ ደኣ'ሞ እንታይ ኣራኺቡካ?" በለቶ ቁሩብ ስንብድ ኢላ።

"ዘይ'ሞ ባዕለን'የን፡ ኣነ እንታይ ገይረየን!" ድማ በላ፡ ክልቲኡ መንኩቡ ሰቕጥ እናበለ።

"መን'የን ንሰን?"

"እዘን ኣብዚ ዘለዋ ሰበይቲ፡" በለ ኢዱ እናነጸገ።

"ንማማ ሓረጉ ዲኻ?"

"ንሰን ደኣ እንታይ ገይረናኒ።"

"እሞ ምስ'ዛ ፈታዊትካ መዓሮይ ትበርህ ኢኻ ተዃሪኻ ኣንታ ዓወት ወደይ።"



"ንዓስኪ ኣታ ቈልዓ! ... ንዓኻ'ንድየ ኣታ ቈልዓ ... ኣታ ወዲ ግርማይ!"

“ምስ መዓሮይ ትበርህ እንተ ተጻሊኣ'ሞ ዓሻ እየ። ውራይ ክትገብር ከላ ቈልዑ ገዛውትና ጸውዑለይ ኢላ እንድያ ተብልዓና። ከምኣ ብርኽቲ ሰበይቲ'ኳ ዘየላ፡” በላ። ብልምዲ፡ ነተን ኣዲኡ “ኣትን” ትብለን “ኣትን”፡ ነተን ኣዲኡ “ኣቲ” ትብለን ድማ “ኣቲ” ይብለን ነበረ።

ቅድሚ ሽዑ፡ ይትረፍ ምስ ዓበይትስ ምስ ቈልዑ'ውን ተጻሊኣ ክብል ሰሚዓቶ ዘይትፈልጥ ሕያዋይ ወዳ፡ እንተ ዘይብደል ከምዚ ኢሉ ኣይምኾረየን ኢላ ሓሰበት። “በል ባዕልኻ ንገረኒ፡ መን'ያ እታ ሰበይቲ?” ክኣ በለቶ።

“ኣብዚ ጐረቤትና ዘለዋ እየን ሙሽ ኢለኪ፡” መለሰላ ድንን ኢሉ ጸኒሑ ርእሱ እናቕንዐ።

ሂወት፡ እታ ዘሕረቐቶ ሰበይቲ መን ክምዝኾነት ንኽትግምት ሓንሳእ ስቕ ድሕሪ ምባል፡ “ትብለጽ ወይ ንግስቲ እየን ዝኾና'ምበር ማማ ጽገ'ኳ ዘኹርያኻ ኣይመስለንን፡” በለቶ።

በቲ ግምታ ተገሪሙ ኣፉ ሕዝ ኣበለ። “ካብ ዓሰርተ ባዶ ወሲድኪ ሂወተይ!” ኢሉ ድማ ተላገጸላ።

“ካብ ዓሰርተስ ባዶ፡ መን ዲዩ ኣሪሙዎ?” ሓተተቶ ፍሽኽ እናበለት።

“መምህር ዓወት!” በላ ናብ ነብሱ እናመልከተ። ናብ ታሽዓይ ዓመቱ ዝኸይድ ዘሎ ተመሃራይ ሳልሳይ ክፍሊ ከሎ ንነብሱ መምህር ብምባሉ ኪርኪር ኢሉ ሰሓቐ።

“ዋይ ተዓዊቱለይ፡ ወደይ መምህር ኮይኑለይ!” ኢላ ሂወት ኣብ ግንባሩ ሰዓመቶ። ኣስዕብ ኣቢላ ኸኣ፡ “እሞ ሕጂሲ ማማ ጽገ እየን ኣሕሪቐናኒ ዲኻ ትብል ዘለኻ መምህር ዓወት፡” በለቶ።

“ንሰን'ምበር መን ደኣ።”

“እንታይ ደኣ'ሞ ብዓንተ፡ቫ ማማ ጽገ እየን ዘይትብለኒ።”

“ሽም ከም ዘይብለይ ‘ኣንታ ቈልዓ’ ስለ ዝብላኒ ኣነ ኸማን ብሽመን ክጽውዐን ኣይደልን'የ፡” ኢሉ መለሰላ ነቲ ምጩው ከደራይ ገጹ ኣጸዊጉ።

“‘ኣንታ ቈልዓ’ እንተ በላኻ'ሞ እንታይ ዘኾሪ ኣለዎ፡ ኣነስ እብለካ'ንድየ፡” በሉቶ ብሓውሲ መግናሕቲ።

“ሂወተይ፡ ‘ዓወት! ዓወት!’ ኢልኪ ጸዊዕኪ እንተ ዘይሰማዕኩኺ ኢኺ ሓሪቕኪ ‘ኣንታ ቈልዓ!’ ትብልኒ። ንሰን ግን፡ ‘ዓወት’ ኢለን ጸዊዐናኒ ኣይፈልጣን'የን። ድሕሪ ሕጂ ብሽመይ እንተ ዘይጸዊዐናኒ ኸኣ ኣይሰምዐንን'የ፡” በላ ድፍር ኢሉ።



“ሽም ደኣ ዘየጽንዓ ክይኮና፡ ሽም ዘይሕዝ ብዙሕ ሰብ'ኳ ኣሎ ዓወት ወደይ፡” በለቶ፡ ወይዘሮ ጽገ ብሽሙ ዘይምጽውዓ ብኽፍኣት ከም ዘይኮነ ክተረድኦ እናጸዓረት።

“ዓወትዶ ይቐልል ሱራፍኤል?”

“ዓወት ደኣ ልሙድ ኮይኑ ዘሎ ሽም እንድዩ፡ ደሓር ከኣ ዓወትሲ ኩሉ ሳዕ ንዛረበሉ ቃል እዩ።”

“እሞ ሽም ዘየጽንዓ እንተ ኾይኑን ደኣ፡ ከመይ ገይረን ብቐዳማይ ነቲ ካብ ወጻኢ ዝመጸ ንእሽቶ ቈልዓ ‘ሱራፍኤል’ ኢለን ዝጽውዕኦ?”

“ኦ! እንድዒ ወደይ፡” ኢላ ድማ መለሰትሉ ነታ ሰበይቲ ተመኽንየላ ጠፊኡዋ።

“ሂወተይ፡ ንዓኺ ብርኽቲ ይመስሳኺ ደኾና'ምበር ከምኣን ዝረግም የለን፡” ኢሉ ዘረባኡ ቀጸለ ርእሱ እናነቕነቐ።

“ብሽምካ ዘይምጽውዐን ሓቕኻ ተጋግየን፡ ርግምቲ ዘብለን ግን እንታይ ኣለወን?”

“ጌሽኪ ውዒልኪ ምሸት ክይነገርኩኺ ድቃስ መጺኡኒ'ምበር ምሳይ ጽልእ ምዃነን ትማሊ እየ ፈሊጠ፡” ኢሉ ዘይተጸበየቶ ዘረባ ደርበየላ።

“ሰንበት መዓልቲ ዘይኣመልካ ጽልእ ወዲ ጽልእ ኣይትበል'ዚ ወደይ። ክትልኣኽን እናወዓልካ ኸኣ ምሳኻ ዘጻልእ የብለንን፡” በለቶ ቊሩብ ክዝሕል፡ ብኡ ኣቢሉ ድማ ነቲ ነገር ክርስዮ ኢላ።

ሂወት፡ ስለ ምንታይ ከምኡ ከም ዝበለ ክይፈለጠት፡ ወይዘሮ ጽገ ከም ዘይትጸልኦ ምግላጸ ግን ንዓወት መሊሱ ኣሕረቖ። ኣዒንቱ ኸኣ ንብዓት ቈጸራ።

"ኣታ እንታይ ደኣ ኾንካ ከም'ዚም ሕማቓት ክትበኪ ትደሊ፡" እናበለት ድማ ቀምሽ ውሽጣ ቅልዕ ኣቢላ ድርዝ ኣበለትሉ።

"ቈልዓ ሓቂ ኣይዛረብን ድዩ ሂወተይ?" ኢሉ እናተገረመ ሓተታ።

ከምኡ ኢሉ ምሕታቱ'ውን ንዓኣ ኣገረማ። "ጕርሒ ኣይፈልጥ፡ ተንኮል ኣይፈልጥ ቈልዓ'ምበር ኣውራ ሓቂ ዝዛረብ፡" ኢላ ኸኣ መለሰትሉ።

"ዘረባ ቈልዓ ኢልኪ ግን ክትሰምዕኒ ኣይደለኽን። ኣነ ኸኣ ሓሳዊ ዲየ ሓሲባትኒ ኢለ ብኽያት መጺኡኒ።"

"ብንእሽቶኻ ክትጻላእ ስለ ዘይደልየካ ሓልየልካ እየ'ምበር ምእማን ስኢነካ መዓስ ኮይኑ ኣንታ ዓዊታ!"

"ዘይ'ሞ ባዕለን ዘምጽእኦ እዩ። ንሰብ ክፉእ ምግባር ሓጥያት'ዩ ኢኺ ሙሽ ትብልና፡ ንሰን'የን ሓጥያት ገይረን። ንሮቤል ወዲ ባባ ጸጋይ እንዶ ዋላ ክጽውዓልኪ ክትሓትዮ፡" ኢሉ ከእምና ምእንቲ ምስክር ክጽውዓላ ካብታ ኮፍ ኢሉዋ ዝነበረ ድኳ ሓፍ በለ።

ሂወት፡ እታ ነገር ክትወዓዋዕ ስለ ዘይደለየታ ንሮቤል ክጽውዮ ኢሉ ምስ ተንስአ በታ ተኾዲኑዋ ዝነበረ ቀያሕ ጐልፎ ወጢጣ ኮፍ ኣበለቶ። ምስ ዓባይ ሰበይቲ ዘባእስ እንታይ ክህልዎ ኢሉ ኢላ ንዘረብኡ ሸለል ምባላ፡ ነቲ ሕርቃኑ ከም ዘግደዶ ስለ ዝተረድኣ ግን፡ ክብላ ዝደለየ ጽን ኢላ ንኽትሰምዮ ናይ ገዛ ምስውስው ገዲፉ ኩርሲ ሰሓበት።

"እንታይ እየን ገይረናኻ ማማ ጽገ፡ ክይሓረቐካ'ስኪ ንገረኒ፡" በለቶ ቃላ ኣልዝብ ኣቢላ።

ከምኡ ብምባላ ደስ በሎ። ከምቲ

ኣብ ትምህርቲ ተበሪሁዎ እንተ ውዒሉ ገዛ ክኣቱ ኸሎ ዝገብሮ ድማ፣ ካብ ኮፍ መበሊኡ ብድድ ኢሉ ኣብ ብርካ ሰዓማ'ሞ፣ "ብሩኽ ኩን'ዚ ወደይ፣ ትምህርትኻ ኸኣ ይግለጸልካ፣" ኢላ ሕቖኡ እናጠብጠበት መረቐቶ።

ክነግራ ተሃንጥዩ፣ ብደዉ ኣብ ዘረብኡ ኣተወ። "'9ይ ዓመት ልደት ቢንያም መሓሪ' ዝብል ክሳዕ ሕጂ ኣብ ማዕጾኦም ተጠቂዑ ዘሎ ወረቐት ርኢኽዮዶ?"

"ኣይረኣኹዎን።"

"ምስ ቢንያም ስለ ንፋቶ፣ ቀዳም ዕለት ልደተይ ክብዕል ክለኹ ክጽውዓካ እየ ኢሉኒ ነይሩ። እተን ማማ ጽገ ትብልየን ኣዲኡ ግን፣ ካብ ንግሆ ኣትሒዘን ምውጻእ ከሊኣንኦ። እቶ ክብለኒ ኢሉ ክልተ ሳዕ ተቐልቂሉ ብኢዱ ምልክት ገይሩለይ። መጀመርታ ዓይነን ምስ ጸቐጣሉ ፈሪሑ ንውሽጢ ተመሊሱ። ኣብቲ ኻልኣይ ግን፣ ጐይየን ነታ ማዕጾ ርግጥ ኣቢለንኣ ናብ ክሽንአን ኣትየን።"

"ኣይረኣያኻን እየን ዝኾና ኣንታ ዓዊታ፣" በሉቶ፣ እናረኣይኦ ክምኡ ይገብራ ኢላ ስለ ዘይሓሰበት።

"እሞ ክልእካኒ እንተ ደልየን ጥራይ እየን ዝርእያኒ ማለት'ዩ!" ኢሉ ተላገጸ። ነዲኡ፣ ጥቓ'ታ ሰበይቲ ከም ዝነበረ ክረድአ ኢሉ ድማ፣ "ቢንያም ክጽውዓካ እየ ስለ ዝበለኒ፣ እቶ ክብላኒ ኢለ ጽሩይ ክዳነይ ቀይረ ኣብዛ ቅድሚኣን'የ ደው ኢለ ነይረ። ኣብታ ዝነበርኩዋ ቦታ፣ ይትረፍ ንዓይ ባሊና ክማን ምረኣያ። ካልእ መዓልቲ ካብ ቢንያም ንሸኻ ትነፍዕ እናበላ ክልእካኒ እየን ዝውዕላ ነይረን። ትማሊ ግን፣ ብኡ ኣቢለ ገዝኣን ክይኣቱ



ዓወት፡ ዕለት ልደቱ ዘብዕል ዝነበረ ዓርኩ ክጽውዖ ኢሉ ጭንን እናበለ።

ኢለን ኣስቂጠን ውዒለን። ጠማዕ፣ ጠማዕየ ጠማዕ! ክንዲ ገለ ዝኸውን ቶርታን ክልተ ካሴታ ኮካን በይኖም ክውድኡዎ ኢለን'ኳ እየን ዘየቕረባና፣" በለ እተን ምበጽሓኒ ዝብለን ክልተ ጠርሙስ ኮካን ክፋል ናይታ ቶርታን እናተረኣይኦ።

"ቈልዑ ኣይዓደሙን ድዮም?" ሓተተቶ ሂወት።

"ሰለስተ ቈልዑ ክኣትዉ ርእየ። እቶም ክልተ ኣዝማዶም እዮም። ኣቦኦም ብማኪና ኣብጺሖምዎም ከይዱ። እታ ሓንቲ ኸኣ ጓል'ተን ገጃፍ መሓዝኣን'ያ። ካብ ገዛውትና ዋላ ሓደ ኣይተዓደመን፣" ኢሉ መለሰላ።

"ካብ ገዛውትና ዝተዓደመ ቈልዓ እንተ ዘየልዩ ደኣ'ሞ እንታይ ዘሕርቕ ኣለካ ኣንታ ዓወት ወደይ፣ ከም ሰብካ እንደኣልካ።"

"ካብ ኩሉ ዘሕረቐኒ'ኳ ሂወተይ፣ ትማሊ ኣብ ቅድሚኣን ጭንን እናበልኩ ካብ ቢንያም ፈልየናኒ ውዒለንሲ ሎሚ ክልእካኒ ምሕሳበን እዩ። ሕራይ ሕራይ ኢለ እንተ ተለኣኽክወንስ እምበኣር ዓሻ እየ መሲለየን!" በለ።

ሂወት፣ እቲ ወዳ ዝብሎ ዝነበረ ኣብቲ ፈለማ'ኳ ናይ ቈልዓ ምግናን እንተ መሰላ፣ ርግእ ኢላ ምስ ሰምዓቶ ሓቂ ምዃኑ ክርድኣ ከኣለ። ቁም ነገሩ ከይፈለጠት ዘረባ ቈልዓ ኢላ ንዒቓቶ ምጽናሓ ኣጣዓሳ። እቲ ንዕቀት ከኣ ናብ ወይዘሮ ጽገ ተገልበጠ።

"ኣብ በዓል ልደት ናይ ቈልዓ ሙሽ፣ ቈልዑ እዮም ክዕደሙ ዝግብኦም ሂወተይ?"

"ንሰን'ሞ መዓስ ገይረንኦ'ምበር ዝግባእስ እወ ከምኡ እዩ ነይሩ።"

"ዕለት ልደተይ እንተ ተብዕሉለይ፣ ብቢንያም ጀሚረ ንኹሎም ደቂ ገዛውትና ምዓደምኩዎም። ኣዲኡ ኸማን ከምኡ ከም ዝግበር ምፈለጣ።"

"ክሳዕ ወዲ ሰለስተ ዓመት ትኸውን ደኣ

አብዒልናልካ እንዲና ካብኡ ንደሓር ግን፡ በዓል ሰናይት ተወሊደን፡ ንዕአን ከኣ ክንድ'ቲ ናትካ ክንገብረለን ኢልና ዓቕምና ርኢና ናትካ ኣቋሪጽናዮ።”

“ቢንያም'ሞ ብኽንደይ ወርሒ እዩ ዝዓ ብየኒ?” ሓተታ።


“በርባዕተ ወርሒ እንደኣሉ ዝመርሓካ፡ ይዓብየካ ክበሃል ኣይከኣልን'ዩ መሳቱ ኢኹም፡” በለቶ።

“ሕራይ ዋላ መሳቱ ኾኑን። ኣነ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ክፍሊ ብልጫ ወሲደ፡ ሕጂ ኣብ ሳልሳይ ከኣ ቀዳማይ ክወጽእ ተስፋ ኣሎኒ። ንሱ ግን ብትምህርቲ ንፉዕ ኣይኮነን። ኣረድኣኒ ክብለኒ እዩ ዝውዕል። ዮርዳኖስ እታ ምዕባዩ'ሞ ዝገደደት ሕማቕ እያ። ክምኦም ድላዩ ዝግበረሉ ግን የለን ኣብ ገዛውትና። ዓመት ዓመት ዕለት ልደቶም ይበዓል። ቶርታ እናበልዑ፡ ኮካ እናሰተዩ 'ሃፒ በርዝደይ' ይበሃለሎም። ቪድዮ ኸማን ይሰኣሉ። ካብ መን ይበልጹ ንሳቶም?” በላ፡ ካብኦም ዝነፍዕ ከሎ እቲ ንዕኦም ዝግበረሎም ክረኽቦ ብዘይምኽኣሉ እናቕንአ።

“ሕጂ ደኣ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ዘረባ እንዲኻ ኣምጺእካ፡ 'ካብ መን ይበልጹ' ኢልካዮም በቃ!” እናበለት በቲ ዘረብኡ ክርትም ኢላ ሰሓቐት።

“እወ፡ ካብ መን ይበልጹ። ዝሓርዱወን ኣባጊዕ ሙሽ እንቤዕ እናበላ የጽምማና ኣለዋ፡ ንሕና ሽሮን ሓምልን ክንበልዕ ከለና ንሳቶም ኩሉ ሳዕ ስጋ ዝበልዑ ካብ መን ይበልጹ!” ኢሉ ናብ እንዳ ቢንያም ገጹ ጠመተ።

“ምብላጽ'ኳ ሰብ ካብ ሰብ ኣይበልጽን'ዩ ዓወት ወደይ፡ ብሃብቲ ግን ይፈላለ። ገሊኡ ሃብታም ይኸውን፡ ገሊኡ ማእከላይ፡ ገሊኡ ኸአ ድኻ።



"ኣቦኻ መሓሪ ነጋዳይ ስለ ዝኾነ፡ ንደቆም ዝደለዩዎ ክገብሩሎም ዝኣክል ገንዘብ ኣለዎም። ንሕና ግና፡ ባባኻ ኣብ ትሕቲ ሰብ ስለ ዝሰርሕ ካብ ቀለብናን ክራይ ገዛናን ዝሓልፍ ዓቕሚ የብልናን። እዚ ሎሚ በዓል ቢንያም ብሳላ ሃብቲ ኣቦኦም ዝጥቀሙዎ ዘለዉ፡ ዶክተር ወይ ኢንጅነር ኴንካ ጽዒርካ ክትረኽቦ፡ ከምዛ ጀሚርካያ ዘለኻ ትምህርትኻ ንፉዕ። ብዘይ ትምህርትን ፍልጠትን ኣብ ቁም ነገር ኣይብጻሕን'ዩ'ዚ ወደይ። ኣነን ባባኻን ትምህርትና እንተ ዘይነቋርጽ ኣብዚ ኣይምተረፍናን። ንቢንያም ክሓስሞ ኣይምነየሉን'የ፡ ግን እንታይ ይፍለጥ፡ ንስኻ ሃብቲምካ ንደቕኻ ድላዮም ክትገብረሎም ምስ ረኣዩኻ፡ ደቂ ቢንያም ንደቕኻ 'ካብ መን ይበልጹ' ይብሉዎም ይኾኑ!" ምስ በለቶ ብሕቖኡ ምስ መንደቕ እናተፋሓፍሐ ሰሓቐ። ዓቢ ሰብ ኮይኑ፡ ሃብቲሙ፡ ኣብ ጽቡቕ ገዛ እናተቐመጠ ንደቁ ብማኪና ከዛውሮም ተራእዮ። ከምዚ ሽዑ ክውን ዝበለ ኾይኑ ብታሕጓስ ገጹ በርሀ። ንሳ'ውን ካብቲ ዝጸንሖ ሕርቃን ውጽእ ኢሉ ገጹ ብምብራሁ ፍኾስ በላ። "ይኣክል ሕጂ ብዛዕባ ማማ ጽገ ምዝራብ ንግደፎ፡" ኢላቶ ድማ ካብ ኩርሳ ሓፍ በለት።

"መም የብለን! ስለ ምንታይ ኢኺ ማማ ትብልየን? ጽገ ኢልኪ ዋላ ዘይትጽውዕየን፡" በላ።

"ጌጋ! ብዕድመ ኣደይ ዝኣኽላ ሰበይትስ ንስን በዲለን ኢለ ኣነ ክደፍረን? ንስኻን ቢንያምን መሳቱ ኢኹም ምሽ ኢለካ፡ ንሱ ሕሳስ ልደኣን እዩ ንስኻ ከኣ በኾረይ ኢኻ። ከምዚ ንስኻትኩም ኣዴኹም ስለ ዝኾንኩ ናይ ፍቶት 'ሂወተይ' ኢልኩም ትጽውዑኒ እንተ ዘይከይኑ፡ ንዓቢ ሰብ፡ ብሽሙ ዝንጥል ኣቢልካ ምጽዋዕ ነውሪ እዩ። ንእሽቶ ንዓቢ ከኽብር ኣለዎ።"

"እወ፡ ንእሽቶ ንዓቢ ከኽብር ኣለዎ። ዓቢኸ

ንንእሽቶ?” ኢሉ ተገምጢሉ ሓተታ።

ሕቶኡ ሃንደበት ስለ ዝኾና ትምልሰሉ ጠፊኡዋ ስቕ በለት።

“ኢሂ ሂወተይ፣ እንታይ ኳንኪ ደኣ ትም ኢልኪ?” በላ።

ካብቲ ክዛረቡሉ ዝጸንሑ ንዕኡ ዘጋጠሞ ተግባር ወይዘሮ ጽገ ተበጊሱ ከም ዝሓተታ ጽንሕ ኢላ ተረድአት። “ዓቢ’ውን ንንእሽቶ ክምታ ምንኣሱ ክኽብሮ ኣለዎ፣” ኢላ ኸኣ መለሰትሉ። ኣብነት ክትከውን ትኽእል ዛንታ ስለ ዝዘከረት ድማ ዘረባኣ ቀጸለት። “ይዕበ ይንኣስ ክብረት ዘይደሊ ሰብ የለን ዓወት ወደይ። ከም ኣቦ ሓጎኻ ምስጉን ሓደ ለባም ሰብ ነይሮም ይብሃል። ኣብ መገሻ ምስ ገለ ሰባት እናኸዱ ከለዉ፣ እቶም መኻይዶም፣ ‘ሎሚ ዘለዉ ናእሽቱ ንዓበይቲ ኣየኽብሩን’ዮም፣’ ምስ በሉ፣ ‘ሰብ ባዕሉ ይኽበር፣ ባዕሉ ይሓስር’ዩም ኣሕዋተይ፣’ ኢሎም መለሱሎም።

ቁሩብ ምስ ከዱ፣ ኣብ ገምገም መገዲ ጓሶት ጸንሑዎም’ሞ፣ እቶም ለባም ሰብኣይ ነቶም መኻይዶም፣ ‘ሰብ ባዕሉ ከም ዝኽብር ሕጂ ክርእዩኹም’የ፣’ በሉዎም። ኣብቶም ጓሶት ምስ በጽሑ ኸኣ፣ ‘ደሓንዶ ውዒልኩም’ዮም ደቀይ ንፉዓት! ንሸኻትኩም ጽቡቓት ኣሓኹም ጽቡቓት፣ ንዓኹም ዘርኣየትና ብርኸቲ መዓልቲ እያ ሎሚ፣’ ኢሎም ነኣዱዎም።

“እቶም ጓሶት ድማ፣ ‘ጸዕዳ መገዲ ይግበረልኩም ኣቦይ ዓቢ! እሞ ሓገዝ እንተ ኾንኩምዶ ነዘን ሳናጡኹም ዓቐበት ክነውጽኣልኩም፣’ ኢሎም ነቲ ሸኸሞም ምንጥል ምንጥል ኣቢሎም ዓቐበት ኣውጺኦሞም ተመልሱ።

“ሓንሳእ ምስ ከዱ ኸኣ ካልኦት ጓሶት ረኸቡ’ሞ፣ እቶም ለባም ሰብኣይ፣ ‘በሉ ሕጂ ድማ ሰብ ባዕሉ ከም ዝሓስር ክርእየኩም’የ፣’ በሉዎም። ናብቶም ጓሶት ቅርብ ምስ በሉ ኸኣ፣ ‘ካብዚ መገድና’ስኺ ኣልግሱ ኣቱም ወንጫራት። ህበይ ትመስሉሲ እንታይ

ዝርአ ኣለኩም'ዩ ኣብ ቅድሜና ትግተሩ?' ኢሎም ብበትሪ ትንዕ በሉዎም። እቶም ጓሶት፡ 'ወይለይ! ባእሲ ዝደልዩ ተጻረፍቲ ሰባት መጺኦምና ሎምሲ፡' ኢሎም በእማን ሹር በሉዎም'ሞ እቶም ገየሽቲ እግረይ ኣውጽእኒ እናበሉ ሃደሙ። እቶም ለባም ሰብኣይ ድማ፡ 'እዚ እየ ዝበልኩኹም በሉ። ሰብ ባዕሉ ይኸብር፡ ባዕሉ ይሓስር፡' ኢሎም ንመኻይዶም ኣረድኡዎም ይብሃል፡" በለቶ።

ዓወት ተመሲጡ ክሰምዕጸኒሑ፡ ኣዲኡ ዛንታኣ ውድእ ምስ ኣበለት፡ "በሊ ናይ'ዝን ማማ ጽገ ትብልየን ሰበይቲ ኸኣ ልክዕ ከምኡ እያ። ንሰን ጠሚየን ኣነ ድማ እንታይ ኣዲኣን ኢለ ጸሊእየን" በላ።

"ኪድ በል ሕጅስ ተጻወት፡ ምስ ተዘናጋዕካ ደሓር ክተጽንዕ፡" ኢላቶ ካብ ተመዛዚ ሽሩፍ ሰልዲ ኣብ ምእራይ ኣተወት።

"ናቕፋን ፈረቓን'ባ ሃብኒ፡ ብሽኮቲ ገዚአ ጠዓሞተይ ክበልዕ!" ለመና ክልተ ኢዱ ዘርጊሑ።

"ካብ መን ትበልጽ ኢኻ ደኣ ቅጫ ኸሎ ብሽኮቲ ትገዝእ!" በለቶ እናተዋዘየት።

"ብሽኮቲ ዊን ኢሉኒ፡ በጃኺ በጃኺ ሂወተይ!" ኢሉ መሊሱ ምሽክንክን በለ።

"እንካ በል እንካ! ዓወት ወደይ ለሚንካ ክትክእሎ መቕም፡ ..." ኢላ ሃበቶ።

ሰልዱ ሒዙ ብታሕጓስ እናዘለለ ኸሎ፡ "ኣሸኺዶ ሂወት፡ ... ሂወት!" ዝብል ናብ ገዝኦም እናቐረበ ዝመጽእ ድምጺ ወይዘሮ ጽገ ተሰምዐ።

"ኣሎኹ እተዋ፡ ደሓንዶ ውዒልክን?" መለሰት ሂወት።

ዓወት፡ ንዓኣ ከይርኢ፡ ብኡ ኣቢሉ ኸኣ ብሽኮቱ ክገዝእ መሊቑ ክወጽእ ዝሓሰቦ እታ ሰበይቲ ኣብ ኣፍደገ ሒዛ ንውሽጢ ኣእተወቶ። "ነዚ ግናይ ወድኺ ደልየ እየ መጺአ፡" ድማ በለታ።

"ትፈትውኦዶ ኣይነበርክንን፡ ካብ መዓስ

ደኣ ግናይ ኮይኑ?”

“ካብዛ ሕጂ፡ ፍርቂ ሰዓት'ኳ ኣይትገብርን። እንተ ጸዋዕኩ እንተ ጸዋዕኩ ከምዛ ዘይሰምዓኒ ኣስቅጥ ኣቢሉ ኸይዱ። እዚ ቈልዓ ይሰድድ ኣሎ ቅጽዕዮ ክብለኪ ኢለ እየ መጺአ።”

“ኣይሰምዓክንን'ዩ ዝኸውን'ምበር ዘይነበሮ ሰድነትዶ ሕጂ ኣምጺኡ ኢልክንኦ፡” ብምባል ኣቕሑ እናኣላዓለት መለሰትላ።

“ሰሚዐየን እምበር!” በለ ዓወት ትርር ኢሉ።

“ዶ!” ክኣ በለት ሂወት ዝገረማ እናመሰለት።

“ርኢኺ ባዕሉ'ኳ ኣሚኑ። ዓው ኢለ እናጸዋዕክዎ ከምዛ ጸማም ሕቖኡ ሂቡኒ ናብዛ ገዛ ኣትዩ” ኢላ ብኸመይ ከም ተቐጽዖ ትሓስብ ነበረት።

“መን ኢልክን ጸዊዕክናኒ?” ሓተታ።


“ኣይጠዓኻን መሰለኒ ኣንታ ቈልዓ። ንዓኻ'ንድየ ዝጸዋዕኩኻ፡ ካልእዶ መን ነይሩ እዩ ኣብኡ፡” በለቶ ክተፈራርሆ ዓይና ተኺላ እናጠመተት። ስለ ምንታይ ከም ዝሓተታ ግን ኣይተረድኣን።

<u>“መን'ዩ ሽመይ'ስከ ንገራኒ?”</u> ኢሉ ኸኣ ደጊሙ ሓተታ።

እታ ሕቶ ኣብ ርእሳ ኳሕ ኣበለታ። ዓው ዓው ኢላ ክትዛረብ ከም ዘይጸንሐት ትምልሰሉ ጠፊኡዋ ፍዝዝ በለት። ሽሙ ክትሕዝ ኢላ ተገዲሳ ስለ ዘይትፈልጥ ክትዝክር እንተ ፈተነት'ውን ክተምጽኣ ኣይከኣለትን።

“እንድዒ ወደይ ሽምካስ ኣብ ኣፈይ ምእታው ኣብያትኒ፡” ድማ በለቶ ድንን ኢላ።

“ዋይ! ማማ ጽገ፡ እዚ ኹሉ እናተለኣኽክንስ ሽሙ ኣይትፈልጥኦን ነዚ ወደይ፡ ናትክን እንድዩ ደኣ ገዲዱ፡” ኢላ ሓሪቓ ተዛረበታ ሂወት። ዓወት'ውን ኣልግብ ኣቢሉ፡ “ጎፉር ኢልክን ብሽሙ ስለ ትጽውዕኦ ክልብኹም ከማን ይሓይሽ ካባይ፡” በላ።



“መን'ዩ ሸመይ'ስኪ ንገራኒ?”

ወይዘሮ ጽገ ብዘረብኦም ሰንበደት። ብሰንኪ ሸለልትነታ፡ ናይ ዝቐርባ ቈልዓ ስም ዘይምፍላጣ ኸኣ ኣሕፈራ። እቲ ንገዛ ክትኣቱ ኸላ ዝነበራ ኵርዓት ብሓንሳእ ጠፍአ። “ኣዘክርኒ'ስኪ መን'ዩ ሸሙ ኣንቲ ሂወት?” ብምባል ተወከሰታ ንዕኡ ምሕታት ኣሰኪፉዋ።

“ዓወት፡” መለሰትላ ሂወት ከኣ።

“ዓወት፡ ተዓዊትካለይ ሎሚ። በል 'ዝዓቢ ቈልዓ ኣይጽላእካ፡' እንድዩ ዝብሃል፡ ክንተዓረቕሲ ንገዛ ንዓናይ ምሳይ፡” ኢላ ከምዛ ከተቕጽዖ ዘይመጸት፡ ክትክሕሶ ሒዛቶ ወጸት።

ብልቡ፡ “ብምንታይ እየን'ስከ ምሳይ ፍትው ክኾና ዝደልያ ዘለዋ... ተረፍ ናይቲ ኮካን ቶርታንዶ ይህሉ ደኾውን?” እናበለ ድማ እግሪ እግራ ሰዓበ።

## ሕቶታት

1. እቶም ኣብዛ ዛንታ ዝተጻልኡ መን መን እዮም?
2. ስለ ምንታይ እዩ ዓወት ኲርዩ? እቲ ንዕኡ ዘኾረየኸ ንዓኻ መኾረየካዶ?
3. ወይዘሮ ጽገ ከም ዝበደለት ዝተቐበለታ ጉድለት እንታይ እያ?
4. ከምዚ ዓወት ዝረኸቦ ወይ ንዕኡ ዝመስል በደልዶ ረኺብካ ትፈልጥ?

## ኣብዛ ዛንታ ዝተሓቘፉ ዓንቀጻት መሰል ቈልዑ

*ዓንቀጽ 7. ስምን ዜግነትን ክህልወኩም መሰል ኣለሉም።*

*ዓንቀጽ 12. ርእይቶኹም ክትገልጹን ብተገዳስነት ክትስምዑን መሰል ኣሎኩም።*

© Citizens for Peace in Eritrea, 2007